# ካሓተኩም ከሓተክን ንምጽላምና ዝተላእኩ ተኟሉ፥
# ተዛራቢ ትግርኛ ጥራይ ድዩ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ተኻፊሉ

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

መልሲ ንአብ ዋዕላ ምክፋልና  ዘሕመመን
አጋፈርቲ ጃንዳ ህግደፍ ዕንቅርቢት ተመን
ክሳብ ማዓስ እየን ከ ክነብራ ኮምኡኢለን።

መመላእታ ክንከውን ኣብ ዋዕላ ኣተጸዋዕናን
ናይ ዝኾነ መሳርሒ  ወን ኣይኮናን
ዘረባ ወይጦታት ድንብርጽ ኣይብለናን።

ከም ቶም ዑሩባት ሕልና ማዓስ ኮና ንሕና
ኣብ ጉዳይ ሃገርና ጻዊዒት ማዓስ የድሊየና
ገንዘብና ከፊልና ክንከይድ ድልዋት ነርና
ከም ህዝብና እንተዘይ ክፈለልና
ንድሕነት ህዝብና  ምስ ደቀይ ክንቃለስ ድልዋት ኢና
ደሞክራስያዊ ስርዓት ክሳብ ዝትከል ኣብ ሃገርና።

ንመንእሰያት ምውካሎም ጻላዕላዕ አቢሉክን
ምስ አቦኦም ወጻኢታት ተኸፊልሎም ዝበልክን
ንደቅኽን ወጽዓ ህዝቦም ምስትምሃር ይሕሽክን
አብ ጓይላታት ህግደፍ ካብ ትሰዳ ንደቅኽን።

እቶም ትግርኛ ዘይፈልጡስ ምስ ደቀዓዶም ተላሊዮም
ምስ ወጽዓ ህግደፍ ዝመረራም ዘቲዮም
ጸረ ምልካዊ ስርዓት ክምክቱ ቃል አቲዮም
መንእሰያትና ናብ ቦቦቶኦም ብሰላም ተመሊሶም።

መመላእታ ንአዲስ አበባ ተጸዊዮም ዝተባህሉ።
ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታት ጸረ ምልኪ ዝተኻፈሉ
ኣብ ከተማታት ኣውሮጳ ንህዝቦም ዘእወዩሉ
እቶም ምስ ኣቦኦም ሃገራዊ ዋዕላ ዝተኻፈሉ።

በርሀ ምስ ደቁ መታን ክካፈሉ  መን ኣትሪፍኩም
ከም ህዝብኹም መጸዋዕታ መጺእኩም
ሓልዮት ህዝቢ እንተዝህልዎኩም
ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ከማና ምተኻፈልኩም ።

ካብ ትብሉና ድምጺ መሰልና ደሊና
ምባል ይሕሸኩም ድምጺ ህግደፍ ደሊና
ጸረ ተቓወምቲ ከም ዝተዓጠቕኩም ፈሊጥና።

ጸረ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብዚሔን እህህትታ
ሽም ለዊጠን ዝጽውዓ ብፍርቱና ባህታ
ሑቡኣት ህግደፍ ኣብ ኣውሮጳ ዝሸፈታ
ከይደቀሳ ዝሓድራ ክንዲ ህግደፍ ክማኅታ።

ካብ ኣዳራሽ ዋዕላ ምስ ነጎደ እልልታ
ወቓዒት ኮቦሮ ህግደፍ መልሓሳ ተለኺታ
እቲ መሪር ታሪኽ ህግደፍ ክከውን ንዛንታ
ዓዲ ጆጋኑ ኣይትነብርን ብሽፋቱ ተባሒታ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ክብርን ሞኅስን ንጆጋኑ ሰማእታትና
ዕወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን